ማሕበር ዳናግል ደቂ ፍቕሪ ንዝተፈላለዩ ክፋል ሕ/ሰብ ግልጋሎት ዝዉዕል 1. ናይ ምግቢ እታወታት(ናይ ፊኖ ሕሩጭን ካልኦት ናይ ምግቢ እታወታትን) 2. ናይ ፅሕፈት መሳርሒ 3. ግልጋሎት ምኽሪ(መፅናዕቲ) ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 7, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 13, 2017 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 14, 2017 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ፋይናንሻል ኮንሳልታንሲይ/ ሌጋል ኮንሳልታንሲይ/ ኣካዳሚይ ኮንሳልታንሲይ/ ኢንጅነሪንግ ዝዛመድ ኮንሳልታንሲይ/ ኦርጋኒዜሽን ኮንሳልታንሲይ/ ኣቅርቦት ምግቢ / ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ማሕበር ዳናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ቢሮ ክልል ትግራይ ኣብ ታሕቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሰበኻ ዓዲ ግራት ንዝተፈላለዩ ናይ ሕብረተሰብ ክፋላት ኣብ ትምህርቲ፤ ጥዕናን ልምዓትን ካልኦት ማሕበራዊ ፀገማትን ኣገልግሎትን ሓገዝን እናበርከተ ዝርከብ ገባሪ ሰናይ ትካል እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ክልልና ምስ ት/ቲ ቢሮ ብሓባር ብምኻን ፍርያት ሃገር ብዝኾነ ምግቢ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ተምሃራይ ክምገብ እናገበረ ዝርከብ ትካል እዩ። ብተመሳሰሊ ንዝተፈላለዩ ዕጉማት መራሕቲ ስድራ ናይ ምግቢ እታወትን መድሓኒትን ናዉቲ መድሓኒትን እናባፅሐ ዝፀንሐን ዘሎን ትካል እዩ። በዚ መሰረት ድማ ትካልና ንዝተፈላለዩ ክፋል ሕ/ሰብ ግልጋሎት ዝዉዕል

1. ናይ ምግቢ እታወታት(ናይ ፊኖ ሕሩጭን ካልኦት ናይ ምግቢ እታወታትን)

2. ናይ ፅሕፈት መሳርሒ

3. ግልጋሎት ምኽሪ(መፅናዕቲ) ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ

➢ በቲ ዘርፊ ሕጋዉያን መቐረብቲ ዝኾንኩም ዝርዝር መምርሒ ተጫረቲ ዝሓዘ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 07/09/2017 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 13/09/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ ትግራይ መተሓባበሪ ቤት ፅሕፈት ክ/ከተማ ዓዲ ሓቂ ጥቓ ዓይኒ ሕክምና ክትወስዱ ትኽእሉ።

➢ እቲ ጨረታ ዕለት 13/09/2017 ዓ.ም ስዓት 8:30 (local time) ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ስዓት 9:00 (local time) ኣብ ማሕበር ደናግል ደቂ ፍቕሪ መተሓባበሪ ትግራይ ይኽፈት ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle